# መገሻን ሕድገት ውሽባን፡ ንኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ዝምልከቶም ሕግታት እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ

ምሉእ ክታበት ዝተኸተቡን ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮሮና ዘሕለፉን ሕጂ ካብ መገሻዊ ውሽባ ነጻ ክበሃሉ ኢዮም። ወረቐት ምስክር ኮሮና ክርእዩ ኣሎዎም ዝብል ቅድመ-ኩነት ኣሎ። ኩሎም ንኖርወይ ዝመጹ ሰባት ብመሰረቱ ክውሽቡ ኣሎዎም። ኩሉ ሰብ ጌና ሕጂ ውን ንኖርወይ ክኣቱ ከሎ መርመራ ክገብር ኣሎዎ፡ ወላ እቶም ካብ መገሻዊ ውሽባ ነጻ ዝበሃሉ ክምረመሩ ኣለዎም። ካብ ዓርቢ 11 ሰነ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቀትሪ ዝምልከት መብርሂ ሓበሬታታት ብዛዕባ ሕግታት መገሻዊ ውሽባ ተመልከት።

ሕጂ'ውን ጌና መንግስቲ ንወጻኢ-ሃገር ዘይምጋሽ ዝሓሸ ኢዩ ዝብል ምኽሪ ኢዩ ዝህብ ዘሎ፡ ወላ ነቶም ካብ መገሻዊ ውሽባ ነጻ ዝበሃሉ ሰባት እውን ዝምልከቶም ኢዩ እቲ ምኽሪ። ዛጊት ካብ ወጻእ-ሃገር ለብዒ ናብ ሃገርና ክኣቱ ኣስጋኢ ሰለ ዘሎ እዩ። ህሉዋት ምኽርታት መገሻ ክሳብ ዕለት 1 ሓምለ 2021 ዘሎ እዋን እዮም ዝምልከቱና።

ነፍሰወከፍ ዝምልከቶ ገያሺ ንኖርወይ ክምለስ ከሎ ኣየኖት ሕግታት ከምዝልምከቱዎ ባዕሉ ከጽንዖ ኣገዳሲ እዩ። ከም ተወሳኺ ናብቲ ዝግየሾ ሃገር ኣብኡ ዘለዉ ሕግታት'ውን ከመይ ከም ምኳኖም ክጽንዑ ይግበእ። ኩነታት ለብዕን ከባብያዊ ደረታትን ቀልጢፉ ክቀያየር ይኽእል እዩ።

ኣብ ዶብ ነዊሕ መስርዕ ክህሉ ከምዝኽእል ገያሾ ተዳልዮምሉ ክጸንሑ ኣለዎም።

**ምሉእ ክታበት ዝተኸተቡን ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮሮና ዝሓመሙን:**
ካብ ዓርቢ 11 ሰነ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቀትሪ ወረቐት ምስክር ኮሮና ብምርኣይ ምሉእ ክትበት ከምዝተኸተቡ ወይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ሒዙዎም ከምዝነበረ ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰባት ኣብ መገሻዊ ውሽባ ምውሻብ ኣይከድልዮምን እዩ። ንግዜኡ QR-ኮድ ዘለዎ ወረቐት ምስክር ኮሮና ጥራሕ ኢና ኣብ ዶብ ሓቅነቱ ክንቆጻጸሮ ንኽእል። እዚ ከም ግዝያዊ ፍታሕ ኢና ኣተኣታቲናዮ ዘለና፡ ማለት ተክኒካዊ ሽነኻት ምስክር ወረቓቕቲ ኤውሮፓዊ ሕብረትን ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን ክሳብ ኣብ መወዳእታ ሰነ ቦትኡ ዝሕዘልና። ምሉእ ክታበት ዝተኸተቡ ሰባትን ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮሮና ዘሕለፉን 24 ሰዓታት ቅድሚ ናብ ኖርወይ ምምጽኦም ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ክርእዩ ኣይከድልዮምን እዩ፡ እንተኾነ ግና ኣብ ዶብ ክምርመሩ ኣሎዎም።

መብዛሕትኦም ገያሾ ክኣትዉ ከለዉ ኣብ ዶብ ክምርመሩ ኣሎዎም፡ ዋላ እቶም ሕጂ ካብ መገሻዊ ውሽባ ነጻ ዝበሃሉ ዘለዉ። ዓቕምታት ኣብ ዝሓጽረሉ እዋናት ኣብ ዶብ ዘለዉ ወከልቲ ሰበ-ስልጣን ምሉእ ዝተኸተቡ ወይ ኮቪድ-19

ዘሕለፉ ሰባት ኣብ ዶብ መርመራ ምግባር ኣየድልዮምን እዩ ክብሉ ይኽእሉ እዮም፡ ኮይኑ ከብቅዕ ግና ንኖርወይ ድሕሪ ምምጽኦም ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልትታት መርመራ ክገብሩ ግዴታኦም ኢዩ። እዚ ዕድል እዚ ዓቕምታት ክሓጽሮም ከሎ ጥራሕ እዩ ዝፍቀድ፡ ብዝተረፈ እቲ ዝምልከቶ ሰብ ኣብ ከንዲ ኣብ ዶብ ኣብ ቤተይ ክምርመር እየ ኢሉ ክመርጽ መሰል የብሉን። ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ሰራሕተኛታት ዶብ ሕጽረት ዓቕምታት ብኸመይ ከምዝግምግሙዎ መምርሒታት የዳልወሎም ኣሎ።

ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ድሕሪ ምምርማሮም ኣብ ቤቶም ውሽብኦም ዝጀመሩዎን ምሉእ ክቱባት ምዃኖም ወይ ኮቪድ-19 ከምዘሕለፉን ብወረቐት ዘረጋገጹን ካብ 11 ሰነ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቀትሪ ካብ ግዴታ ውሽባ ሕድገት ክግበረሎም እዩ።

## *ምሉእ ዝተኸተቡ:*

1. ክልተ መራፍእ ክታበት ዝተወግኡን ናይ መወዳእታ መርፍእ ካብ ዝውግኡዋ ሓደ ሰሙን ዝሕለፉን።
2. ብብቑዕ ላባራቶርያዊ መርመራ ተመርሚሮም SARS-CoV-2 ዝተረኽበሎም፡ ድሕሪኡ ድማ ካብቲ ዝተመርመሩሉ ዕለት ብውሑዱ 3 ሳምንታት ምስ ሓለፈ ሓንቲ መርፍእ ክታበት ዝተወግኡ። ክታበት ምስ ተወግኡ ድሕሪ 1 ሰሙን እዮም ከም ምሉእ ተኸተብቲ ዝቖጸሩ።
3. 1ይ መርፍእ ክታበት ዝተወግኡ፡ ድሕሪ ምኽታቦም ብውሑዱ 3 ሳምንታት ምስ ሓለፈ ብላባራቶርያዊ መርመራ SARS-CoV-2 ዝተረኽበሎምን ዝተገለሉን።
   ሕማም ዘሕለፉ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 6 ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዝሕለፉ፡ ከም ምሉእ ክቱባት ዝቖጸሩሉ ግዜ ድማ ካብቲ ዝተገለሉ እዋን ክሳብ ዕለተ መርመራ 6 ኣዋርሕ ዘሕልፍ ይኸውን።

**ሓደ መርፍእ ክታበት ዝተወግኡ**

ሓደ ግዜ ክታበት ዝተወግኡ ሰባት ካብ መገሻዊ ውሽባ ሕድገት ኣይግበረሎምን እዩ።

**ሓደ መርፍእ ክታበት ዝተውግኡን ትሕቲ 12 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መገሻዊ ውሽባ ይሓጽረሎም**

ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ድሕሪ ንኖርወይ ምምጽኦም ድሕሪ ሰለስተ ምዓልታት መርመራ-PCR ድሕሪ ምግባሮም ካብ ውሽባ መገሻ ክወጹ ይኽእሉ እዮም። 1ይ መርፍእ ክታበት ካብ ዝኸተቡ ካብ 3 ክሳብ 15 ሳምንታት ዘሕለፉ'ውን እዚ ይምልከቶም እዩ። እዚ ሕድገት እዚ ክወሃብ እንተኸውይኑ እቲ ዝምልከቶ ሰብ ወረቐት ምስክር ኮሮና ክህልዎ ኣሎዎ።

**መወሸቢ ሆቴል**

ናብ ኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ሙብዛሕትኡ ግዜ ውሽብኦም ብምሉኡ ወይ ብከፊሉ ኣብ መወሸቢ ሆቴል እዮም ክሕልፉዎ ዘሎዎም። ካብ ከሊቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ/ሸንገን ዓባይ ብሪጣንያን ወጻኢ ዝመጹ ገያሾ መላእ ግዜ ውሽብኦም ኣብ መወሸቢ ሆቴል እዮም ክሕልፉዎ ዘለዎም። Informasjon om karantenehotell/ሓበሬታ ብዛዕባ መወሸቢ

ሆቴል

**ቅጥዒ መገሻ**

መብዛሕቲኡ ግዜ ኩሎም ገያሾ ማለት ምሉእ ክታበት ዝተኸትቡ፣ ኮቪድ-19 ዘሕለፉን ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘለዎምን ዘጠቓለለ ቅጥዒ መገሻ ክመልኡ ኣሎዎም።

**መደብ ዳግመ-ክፍታ**

መንግስቲ በብጽፍሒ ኣብ ሕብረተሰብና ዘካይዶ ዘሎ ዳግመ-ክፍታ ምስፍሕፋሕ ለብዒ ትጽቢታዊ ንክኸውንን ለብዒ ካብ ቊጽጽር ንከይወጽእን ዝዓለመ መስርሕ ኢዩ። እዚ መደብ ዳግመ-ክፍታ ኣብ ኣርባዕተ ጽፍሕታት ዝተኸፋፈለ እዩ። መገሻታት ንወጻእ-ሃገር ኣብ መወዳእታ ጽፍሒ እዩ ተጠቒሱ ዘሎ። መብዛሕትኡ ኣብ ራብዓይ ጽፍሒ'ዩ ናብ ንቡር ክምለስ። ይኹን ደኣ እምበር ንኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ገለ ድሩትነታት ንክተኣታትወሎም ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ብፍላይ ካብ ክሊ ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ወጻኢ ንዝመጹ ገያሾ ብዝምልከት። ካብ ዝተወሰኑ ከባቢታት ዝመጹ ገያሾ ክውሸቡን ክምርመሩን ክግደዱ ከምዝኽእሉ ናትና ኢሎም ክሕዙዎ ኣሎዎም።

ንመገሻታት ዝምልከቱ ጽፍሕታትን ሕግታትን ኣብ ኩነታት ለብዕን ዝርግሐ ክትበትን ብምሙርኳስ ብቐጻሊ ኢና ንግምግሞም ዘለና። ግስጋሰ ዳግመ ምኽፋት ኣብ ዕለታት እምበር ኣብ ሓበሬታታት ኣይኮነን ዝሙርኰስ።
Regjeringens gjenåpningsplan/ውጥን ዳግመ-ክፍታ መንግስቲ